ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

التحالف الديمقراطي الارتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

## ቃል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
## ብኣጋጣሚ ዝኽሪ መበል 14 ዓመት ናጽነት ኤርትራ

ተጋዳላይ ህዝቢ ኤርትራ
ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን እትርከቡ ተቓለስቲ

ንሕና፣ ሎሚ፣ ተኸታተልቲ ኤርትራውያን ወለዶታት፣ ናይ ናጽነት ሕልምና ክውን ንምግባር፣ ንፍርቂ ክፍለ-ዘመን ዝኸውን ግዜ ዝኸዓውዎ ንመሬትና ዘርወየ ደምን ርሃጽን፥ ዝኸፈልዎ መስዋእትን ዘርኣይዎ ተወፋይነትን ንምዝካር ኢና ተኣኪብና ዘሎና። ዲክታቶርያዊ ስርዓት፣ ንትርጉምን ትሕዝቶን ናጽነት ቆጽዩን ኣህሲሱን፥ ንኤርትራ፣ ዋላ ውን ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ተራእዩ ዘይፈልጥን መወዳደርቲ ዘይብሉን ስቅያትን ሓሳረ-መከራን ዝቐሰመላ ቤት ማእሰርቲ ብምቕያር፤ ዝሓለፈ ናይ ሓርነታዊ መዋእል ተቓላሳይ ወለዶ ብዝመዝገቦ ታሪኻዊ ዓወትን ዝመድመዶ ባይታን ተጠቒሙ፣ ዓቕሙ ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገር ክጽመድ ንዝነበሮ ሓድሽ ወለዶ፥ ኣብ ዘይተጸንዐን ትርጉም ዘይብሉን ውግኣት ብምንቋት ከምዝሃልቕ ብምግባር፤ ሃብቲ ሃገር፣ መዋእለ ህጻናትን ኣብያተ-ትምህርትን ሆስፒታላትን ፋብሪካታትን ብምህናጽ፣ ኑቲ ከብዱ ንምዕንጋል ዝስደድ ዘሎ መንእሰይን ሸማግለን ሰራሑ ናብርኡ ዘምሓይሽሉ ዕድላት ኣብ ክንዲ ምኽፋት፣ ናይ ውግእ መሳርያታት ኣብ ምሽማትን፤ ንህዝቢ ዝጭቅኑ ጸጥታዊ ትካላት ኣብ ምድልዳልን ኣውዓሎ። ሽሕኳ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣጋጣሚታት ብዝርዝር ክግለጽ ዘይከኣል ማእለያ ዘይብሉ ገበናት ኣብ ልዕሊ ህዝብና እንተፈጸመ፤ ናጽነት፣ ውጽኢት ናይቶም ምእንቲ መጻኢ ወለዶታት ብቅሳነትን ራህዋን ክነብሩ ካብ ዝብል እምነት ተበጊሶም፣ ክብ ዝበለ መስዋእቲ ዝኸፈሉን ኵሉ ዝከኣሎም ዘወፈዩን ንጹሃት ደቁ ስለዝኾነት፣ ህዝቢ ኤርትራ፣ ነዛ ዕለት እዚኣ ብክብ ዝበለ ድምቀትን መጐስን ከኽብራ ኢዩ ዝግባእ።

ስርዓት ኢሳያስ፣ ንህዝብና፣ ኣብ ናጻ ዝኾነት ሃገሩ ብቅሳነትን ርግኣትን ብኽብርን ንክነብር ብምሕራሙን፤ ንዝህብና ኣይንገርፍን ንዝበሉ በማእት ዝቑጸሩ ናይ ሓርነት ተጋድሎና ምርኡያት ምልክታት ዝኾኑ ጀጋኑ ብምእሳር፤ ኣብ ልዕሊ ተጣበቕቲ ናይ ናጽነት ዝኾኑ ኤርትራውያን ምሁራትን ተጋደልትን እተፈላለየ ኣረሜናዊ ናይ ቅንጸላ ስጉምቲ ብምውሳድ፤ ንናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ናጽነት ጽምእን ድሌትን ክሰብሮን፤ ንውልቃዊ ዝናኡን ነፍሰ-ፍትወቱን ከንበርክኾን ዝኽእል ኰይኑ እንተደኣ ተሰሚዕዎ፥ ካብ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘይተማህረ፣ ሓላማይ ኢዩ ጥራሕ ኢና ንብሎ።

እዚ ህዝቢዚ፥ ናይ ደገ ኢድ ምትእትታውን ድሕረት ዘስዓቦ ኣሰራትን ንሕጋዊ መሰላቱ ዕሽሽ ዝበለ መርገጽ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ብሓደ ሸኒኹ፥ ከምኡ ውን ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘይድግፍ ኣህጉራውን ዞባውን ሚዛን ሓይሊ ብኻልእ ሸኒኹ፥ ኣብ ዝነበረሉ እተሓላለኸ ኩነታት፥ ሰላማውን ዕጥቃውን ናይ ናጽነት ተጋድሎ ኣካይዱ፥ ነቶም ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ዓወት ክረጋገጽ ኣይከኣልን ኢዩ ዝብሉ ዝነበሩ ኣሕፊሩ፥ ዓወት ተጐምጕሙ ዝወጸ ዝወጸ ህዝቢ ምዃኑ ኩሉ ዝፈልጦ ኢዩ። ሕጂ ነሕልፎ ዘሎና ምረት ብዘየገድስ፥ እዚ ሎሚ ነኽብሮ ዘሎና በዓል ናጽነት በቲ ዘይዕጸፍ ድሌት ናይ ህዝቢ ኤርትራ እተረጋገጸ ዓወት ምዃኑ ክንዝንግዕ ኣይግብኣናን ኢዩ።

ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኤርትራ፥ በዚ ኣጋጣሚዚ፥ ነቲ ስርዓት ኤርትራ ዕሽሽ ኢሉ ክሓልፎ ዝፍትን ዘሎ ኣብ ዞባና ዝካየድ ዘሎ ናይ ሰላምን ዲሞክራስያዊ ለውጥታትን ምንቅስቓሳት ዕሽሽ ኢልካ ዝሕለፍ ከምዘይኮነ እናዘኻኸረ፤ ነቲ ንትርጉምን ትሕዝቶን ናይ ናጽነት ዘህሰሰን፤ ንሃገርና ናብ ሕንፍሽፍሽ ዘምርሓ ዘሎ ናይ ምንጽጻግ ፖሊሲታቱን ኣትሪሩ ይኹንን። ንሃገርና ካብቲ ድሮ ተጋሂዱ ዘሎን ብሕጂ ክግሃድ ዝኽእል ሓደጋታትን ንምድሓን ሃናጺ ሰላማዊ ልዝብ ንኽካየድ ድማ ይጽውዕ። ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ውን፥ ስርዓት ኢሳያስ፥ ንሓይልታት ሽበራን ራዕድን ምውጋእ ኣብ ትሕቲ ዝብል ሽፋን፥ ኣብ ልዕሊ ሃገራውያን ሓይልታት ዘካይዶ ዘሎ መንግስታዊ ናይ ሽበራን ራዕድን ተግባራት ዕሽሽ ከይብሎ ነማሕጽን። ህዝቢ ኤርትራ፥ ቅዋማዊ መንግስቲ ንምምስራት ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ፥ ናይ ሽበራን ራዕድን ቃልሲ ከምዘይኮነ፤ እንታይ ደኣ፥ ነቲ ድሕሪ ናጽነት ብስርዓት ኢሳያስ እተሰልበ ሕጋዊ መሰላቱ ንምምንዛዕ ዘክይዶ ዘሎ ፍትሓዊ ቃልሲ ምዃኑ ክግንዘብ ንደሊ።

ኣብ መደምደምታ፥ በዚ ኣጋጣሚዚ፥ ንሰማእታት ኤርትራ ዘሎና ክብርን መጐስን ንገልጽ፤ ከምኡ ውን፥ ንጽንዓት ናይቶም ኣብ ማእሰርቲ ዝርከቡ ናይ ናጽነት ተሓለኞትን ተቓለስትን ነመጕስ።

ኤርትራ ብናጽነትን ዲሞክራስን ትንበር!!

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና

**24.05.2005**